ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

الحركة المدنية الديمقراطية الارترية

**Eritrean Civic Democratic Movement**

ዕለት/Date: 01/08/2011

ቁ/መዝገብ/Ref.NO: ECDM 8/2011/01

---

# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ምምስራት ዘመናዊ ሲቪክ ምንቕስቓስ

ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ሲ. ደ. ም. ኤ Eritrean Civic Democratic Movement (ECDM) ዝብል መጸውዒ ሒዝና ሕጋዊ ሰውነት ከምዝለበስና ንኩሉ ደላይ ፍትሒ ህዝቢ ኤርትራን ደላይ ፍትሒ ዓለምን ከነፍልጥ ክንእውጅ ኮለና ሓበን ይስማዓና።

ዘይሕጋዊ፣ ዘይደሞክስራያዊ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና፣ ሃገርናን ክብሪታቱን ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን ገበንን ጸብጺብካ ከምዘይውዳእ ካብ ማንም ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ዝተኸወለ ኣይኮነን። እቲ ሓደን ኣማራጺ ዘይብሉ ፍታሕ ንምርካብ፣ ኣንጻር ውድቐት ዘይሕጋዊ ስርዓት ብናይ ሓባር ድምጺን ናይ ኣትሓሳስባ ሓድነት ምቕላስ ከም ቀዳማይ ዕማም ወሲድና፣ ሞራላዊ፣ ሃገራውን ታሪኻውን ሓላፍነት ተሰኪምና ምቕላስ ከምዝገብኣና ብመትከል ንኣምን። ንምርግጋጹ ድማ ዓቕምና ዝፈቕዶ ጻዕሪ ነበርክት።

ድሕሪ ውድቐት ስርዓት ዘሎ ዕማም ቃልሲ፣ ብሃገራዊ ቕዋምን ኣህጉራዊ ሕግን ዝቕየድ፣ ልዕልና ሕጊ ዘንግስ ፍትሒ ዘውሕስ ፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዘኽብር፣ ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ ምርጫ ዝሰጋገር ስልጣን ዘረጋግጽ፣ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣመራርሓ ዘውሕስ ሕጋዊ መንግስቲ ንምህናጽ ዘይንጸል ክፋል ቓልሲ ይጽናሓለይ ዝበሃል ዘይኮነ፣ ማዕረ ማዕረ ክህነጽ ክረጋገጽ ከምዝገብኦ ብመትከል ኣሚና ኣብ ባይታ ብተግባር ብምፍጻም እጃምና ከምነብርክት ነረጋግጽ።

ብኤርትራውያን ዝካየድ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ቓልሲ ነኽብሮ ነመስግኖ ኢና። ምስ ኩሎም ደለይቲ ፍትሒ ህዝብና ሓቢርና ንምቕላስ ሕጋዊ ሰውነት Legal Personality ለቢስና ኣለና። ብዝተወደበ ኣገባብ ቓልሲ ኣካል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ኮይና እጃምና ከነበርክት ድሉውነትና ዘረጋግጽ ኣዋጅ ምቕላሕና ሓበን ይስማዓና። ብዘመናዊ ሲቪክ ኣትሓሳስባ ንዘመናዊት ሲቪክ ሃገር ኤርትራ

ንምህናጽ፣ ምስ ኩሉም ደላይ ፍትሒ ኤርትራውያን፣ ደለይቲ ፍትሒ ዞባና ዓለምና ሓቢርና ክምንቃለስ ብመትከል ነረጋግጽ።

ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ቅድሚ ምእዋጁ፣ ንውሽጣውን ኣህጉራውን ኩነታት ሃገርናን ዓለምናን ብኩውንነት ገምጊምና፣ ኣብ ነዊሕ መጽናዕታዊ መስርሕ፣ ኣብ መትከል ግሉጽነት ዝተሰረተ፣ ሓድሕዳዊ እምነት ንምፍጣር፣ ናይ ኣተሓሳስባ ሓድነት ኮስኩስና ፣ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ብምትዕግጋብ ዝተሃንጸ፣ ግዜን ጻዕርን ዝሓተተ ዘመናዊ ሲቪካዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ዘንጸባርቕ ክንእውጅ በቒዕና።

በዚ ዝተቐሱ መስርሕ ድማ፣ ምስ ኩነታት ሃገርናን ዓለምን ዝሰማማዕ፣ ንጹር ራእይ ወኒና፣ መትከላዊ እምነታት ኣወሃሂድና፣ ናይ ቀረባን ርሑቕን ስትራተጂካዊ ዕላማታት ነዲፍና፣ መምስ በበይኑ መድረኽን ሓደስቲ ምዕባሌታት ዝስማማዕ ተዓጻጻፊ ፖሊሲ ክንክተል ከምዝግባኣና ተዓጋጊብና እንሆ ኣብ ጎኒ ደለይቲ ፍትሒ ህዝብናን ዓለምናን ኮይና ክንቃለስ ሕጋዊ ሰውነት ከምዝለበስና ከነበስር ሃገራዊ ክብሪ ይስማዓና።

ዝለዓለ ራእይን ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፣ ህዝቢ ወናኒ ኩሉ መሰላቱን ክብሪታቱን ክኸውን ዘለዎ ጽኑዕ መትከላዊ እምነቱ ይገልጽ። ህዝቢ ወናኒ ወሳኒ ቕዋሙ ክኸውን፣ ወናኒ ወሳኒ ምምሕዳሩ፣ ወናኒ ወሳኒ ሃገራዊ ሃብቱን ተጠቃምነቱን ፣ ወናኒ ኩሉ ዓይነት መሰላቱን ክብሪታቱን ክኸውን፣ መሰሉ ብደቒሰባት ዝዕድል ህያብ ዘይኮነ፣ ዘይገሃስ ዘይሕከኽ መሰሉ ክኸብር ክረጋገጽ ክወሓስ ከምዝግብእ ብመትከል ንኣምን። ኣብ ባይታ ንምርግጋጹ ድማ ብሲቪካዊ ኣተሓሳስባ ተበጊስና ኣለና።

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ!!

1. ዕላማ ክቡር ዋጋ ጅግንነትና፣ ክቡር ዋጋ ስዉኣትና፣ ኩቡር ዋጋ ስንኩላትና፣ ክቡር ዋጋ ዝዓነወ ዝበረሰ ሃብቲ ሃገርና፣ ክቡር ዋጋ ስደትና፣ ኩቡር ዋጋ ማሕበራዊ ምዝንባልና፣ ኩቡር ዋጋ ስነ-ኣኣምሮኣዊ ጉድኣትና ተደሚሩ፣ ናጽነትና ልኡላውነትና ሕጋዊ መንነትና ዘረጋግጹ ማሕበራዊ፣ ሃገራውን ታሪኻውን ክብሪታት ዘጠቓለለ ዓወታት ኣመዝጊብና። እንተኾነ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ኩሉ ክብሪታት ህዝብና፣ ሃገርናን ታሪኽናን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ምህላዉ ብምግንዛብ።
2. ህዝብና ብሓፈሻ፣ መንእሰይ ብፍላይ ከም ተሰካሚ ሕድሪ፣ኣብ ግዚኡ ብመሃዚ ተዓጻጻፊ ባህርያቱ፣ ብንጡፍ ጉልበቱ፣ ተማሂሩ ኣብ ስራሕ

ተዋፊሩ፣ ነጊዱ ሓሪሱ ነብሱ ኪኢሉ፣ ብሞያዊ ብቕዓቱ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምህናጽ ኣፍራይነቱ ዓቢ ምኻኑ ፍሉጥ`ዩ።

3. መንእሰይ ኤርትራ ሃገራውን ታሪኻውን ሕድሪ ተሰኪሙ፣ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምውሓስ ተሰዊኡ ሰንኪሉ ኩሉ ካብ መንእሰይ ዝሕተት ዋጋ ከፊሉ`ዩ። እንተኾነ ብሰንኪ ጉግይ ፖሊሲ ብጸቢብ ወትሃደራዊ ዲሲፕሊን ተቐይዱ፣ጻማ ራሃጸም ዘይከፈሉሉ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝብል ከም ጂሆ ብምሓዝ፣ ብማእሰርቲ ብምርሻን ማሕበራዊ ናብርኡ ተዘናቢሉ`ዩ። ንዳሕረዎት ወሎዶ ጥጡሕ ባይታ መሰረት ከንጽፉ ዕድል ኣይተዋህቦምን። ስለዚ መሰሎም ንምኽባር ማሕበራዊ ሂወቶም ንምምራሕ ብዘይድሌቶም ናብ ስደት ከምርሑ ተገዲዶም። ኣብ ጉዕዞ ስደት ምድረበዳ ባሕሪ፣ ኣደዳ ሕማም ሞት፣ ተጨዊኻ ኣካላትካ ከም ስጋ እንስሳ ክጥባሕ፣ ይግባይ ዘይብሉ ፍርዲ ተፈሪዶም። ዝዓበየ ጸጋ ሃብቲ ሃገር ሰብ`ዩ ብፍላይ መንእሰያትን ደቒ ኣንስትዮን። እዚ ኣፍራዩ ማሕበራዊ ጉጅለ ህዝቢ ምብራስ ኣብ ዳሕረዋይ ወሎዶ ዝፈጥሮ ሃጋፍ ዝገድፎ ስምብራት ከቢድ ምኻኑ ብምእማን።

4. ኣብ ኣህጉራዊ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ተፈጢሩ ዘሎ ሃጋፍ፣ ንምስልን ክብረትን ህዝብዝን ሃገርና ዝቐይር፣ ምስ ጎረባብትና ዓለምና ዘይሳኒ ጉግይ ፖሊሲ፣ ብማሕበረሰብ ዓለምና ብምጥሓስ ኣህጉራዊ ሕጊ ተኸሲስና ዝውሰዱ ዘለዉ ሕጋዊ ኣገባብ፣ ዘሰክፍ ደርጃ በጺሕና ምህላውና ብምግምጋም።

5. ኣብ ሞንጎ ተቓውሞ ደምበ ዘሎ ፖሊቲካዊ ፍልልያት፣ኣብ ክንዲ ምክብባር ምንፍፋግ፣ ኣብ ክንዲ ምጽውዋር ምፍንጫል፣ ኣብ ክንዲ ኣብ ዘተን ደሞክራስያዊ ፍታሕ ምርካብ ሓድሕዳዊ ምውንጃል ምኽሳቱ፣ ንሓድሕዳዊ እምነት ስለዘይኩስኩስ፣ ንሃገራዊ ወኒ ቓልሲ ስለዘይዕድም፣ ተሳተፍነት ስለዘየረጋግጽ፣ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝካየድ ቓልሲ ጠርናፊ ከምዘይኮነ ዘይከሓድ ጭቡጥ ኩነታትና ብምግምጋም።

ሲቪክ ደሞክራስያዊ ምንቕስቓስ ኤርትራ ዘቕርቦ ጻውዒትን ዘምሓላልፎ ለበዋን!!

1. ኩልና ደለይቲ ፍትሒ ብሓፈሻ፣ ንዘለና ፖሊቲካዊ ፍልልይ ከም ካልኣይ ጉዳይ ጠሚትና፣ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ድምጽና ቕልጽምና ኣስሚርና ምቕላስ ከምዝግባኣና ንኣምን።፣ ንፍልልያትና ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ቕኑዕ ፍታሕ ንምርካብ፣ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ብሓፈሻ፣ ናይ መሪሕነትን መሰረታትን ፖሊቲካዊ ውድባት፣ በርገሳዊ ማሕበራት፣ ምሁራት፣ ናይ ሞያ

ማሕበራት ተራና ተሳታፍነትና፣ ካብ ዘበርከትናዮ ንላዕሊ ናህሪ ወሲኽና ከነዕዝዞ ንጽውዕ።

2. ሲቪክ ሃገርነት ንምህናጽ፣ ህዝባዊ ፈልስታት ዝኾና፣ በብማሕበራዊ ጉጅለ በብሞያን ብሲቪክ ኣትሓሳስባ ዝህነጻ ደሞክራስያዊ ትካላት ኤርትራውያን ክዓብያ፣ ምስ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለወን ሲቪክ ደሞክራስያዊ ትካላት ጎረባብትና፣ ዞባናን ዓለምናን ዝምድናታት ክምስረት ብመትከል ንኣምን። ዝምድናታትና ኣብ ምክብባር ማዕረ መሰል ልኡላውነት ዝተሰረተ፣ ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓ፣ ሰላምን ቕሳነትን ዞባና ዓለምና ንምውሓስ፣ ኣህጉራዊ ዝምድናታትና ሲቪክ ትካላት ዞባና ዓለምና ዝምድናታት ክምስረት፣ ኣህጉራዊ ሓላፍነት ክንስከም ከምዝግባና ብመትከል ኣሚና፣

3. ናይ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ መንእሰይ ከም ተሰካምን ኣስጋጋርን ሕድሪ፣ ደቕ-ኣንስትዮ ከም ፍርቒ ኣካል ሕብረተሰብና ጥራይ ዘይኮና መንእሰይ`ውን ፍረ ማህጸንን ስለዝኾነ፣ ደቒኣንስትዮ መንእሰያትን ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብን ኣብ ዝካየድ ሃገራውን ደሞክራስያውን ማሕበራዊ ቓልሲ ዝለዓለ ተራ ዝጻወቱ ሲቪክ ማሕበራዊ ጉጅለታትህዝቢ እዮም። ደቒ ኣንስትዮ መንእሰትያን ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ ንናጽነት፣ ድሕሪኡ ልኡላውነት ኣብ ምውሓስ፣ ዘርኣይዎ ተሳታፍነትን፣ ዘመስከሩዎ ጅግንነትን ተወፋይነትን፣ ከም ሃገራውን ታሪኻውን ክብሪታት ነመስግኖ ነኽብሮ።

ተራ መንእሰይን ደቒ ኣንስትዮ ኣብ ምህናጽ ሲቪክ ሃገረ ኤርትራ፣ ናይ ኩሎም ዜጋታት መሰላት ብማዕረ ንምክባር፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ዝተማልኤ ሓርነት ንምርግጋጽ፣ ብሲቪካዊ ንቕሓት ብቕዓትን፣ ንዝያዳ ሰፊሕ ውዳቤን ተዓጻጻፊ ኣበርክቶን፣ ኣብ ጎኒ ኩሎም ደሞክራስያውያን ሓይልታት ተሰሊፎም ካብ ዘበርከትዎ ንላዕሊ ተሳታፍነቶም ከዛይዱ ንጽውዕ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ክብርን ሞጎስን ንሰዉኣትና!

01/08/2011

The website is under construction www.ericdm.org

ecdm2011@yahoo.com

ecdm2011@hotmail.com